# ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ
# ብምኽንያት ዝኽሪ 50 ዓመት- ህልቂት ኣስመራ
# (6ይ ክፋል)



ቀዳሞት ተጋደልቲ ህዝባዊ ሓይልታት

ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ኣብ ቀዳማይ መድረኽ ግፍዒታት ጸላኢ (1967) ኣብ ብዙሓት ዓድታት ኣውራጃታት ባርካን ጋሽን፡ ሳሕል፡ ሰምሃር፡ ሰንሒትን ደብባዊ ኣከለጉዛይን ብዝተኻየደ ወፍሪ፡ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ዝተፈጸመ ጃምላዊ ቅትለት ተመልኪትና ነይርና። ናብ ካልኣይ መድረኽ ግፍዒታት 1970 — 1972 ብምስጋር ድማ ድሕሪ ቅትለት ኣዛዚ ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ጀነራል ተሾመ እርገቱ ኣብ በስክዲራ፡ ያና፡ ገለብ፡ ሮራ ቤት ገብሩን ካልኦት ዓድታት ሰንሒትን ዝተፈጸመ ጃምላዊ ህልቂትን በብዓይነቱ መስክሕ ግፍዒታትን ኣንቢብና። መቐጸልታኡ ይስዕብ።

ኣብ ዓድታት ሰንሒት ብዙሕ ህዝቢ ዝሃለቐሉን ዓድታት ዝባደማሉን ህልቂት ኣብ ዝፈጸመሉ ዝነበረ ልክዕ እዋን፡ ኣብ ኣውራጃ ሰምሃር እውን ወተሃደራት ኢትዮጵያ ኣብ ዝተፈላለየ ኣዋርሕ ናይ 1970-1972፡ ኣብ ዓድታት ገድገድ፡ ሸባሕ፡ ፍግረት፡ ዓዲ ሹማ፡ እምበረሚ፡ ወቒሮ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለየ ዓድታት ኣውራጃ ሳሕል ተመሳሳሊ ግፍዒታት ብምፍጻም ብኣሽሓት ዚቑጸር ኣባይቲ ኣቃጺሎም፡ ኣማኢት ዜጋታት ብጥይትን ሳንጃን ቀቲሎም፡ ብዙሕ ህዝቢ ዓድታቱ ገዲፉ ከምዝሰደድ ገበሩ። ነዚ ግፍዒታት'ዚ ብዓይኖም ዝረኣዩ፡ ናይ ዕደመ ሰብ

ጺጋ፡ “ከምዚ ዓይነት ጭካነን ግፍዒን፡ ኣይኮነን'ዶ ብዓይንና ክንርኢ፡ ብዛንታ እውን ሰሚዕና ኣይንፈልጥን” ክብሉ ብምስክሕካሕ ይዝክርዎ።

ህዝቢ ኤርትራ ግን በዚ ከተዘንትዎ እውን ዘስደምም ግፍዒታት ኣይረዓደን። ከም መልሰ ግብሪ ናይዚ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ዝተፈጸመ ሰፊሕ ቅንጻላ፡ ኤርትራውያን መንእሰያት፡ ብደረጃ ዓለም ነቲ ተግባር ንምቅላዕ ተንቀሳቐሱ። እዚ ኩነታት'ዚ ንምቑም ማሕበር ኤርትራውያን ተማሃሮ ሰሜን ኣመሪካ (ኤ.ና.ሰ.ኣ.) ካብ ዝደረኹ ረቛሒታት ሓደ እዩ። ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ-ኣበባ ዝነበሩ ኤርትራውያን ተማሃሮ እውን፡ ኣንጻር መግዛእቲ ኢትዮጵያ ንምቅላስ ውዳበኦም ዘስፍሕሉ መድረኽ ነበረ።

ነቲ ዘስካሕክሕ ግፍዒታት ገዛእቲ ኢትዮጵያ ንምቅላዕ ኤርትራውያን መንእሰያት በብዝጥዕሞም መገዲ ዝወስድዎ ተበግሶታት እውን ነይሩ እዩ። ሓደ ኣብነት ካብዚ ተበግሶታት'ዚ፡ ካብ ጎንደር ምስ ነቐለት ብ4 ኤርትራውያን መንእሰያት ተጨውያ ብካርቱም፡ ካይሮ ኣቢላ ኣብ ቤንጋዚ ዝዓለበት ነፋሪት መገዲ ኣየር ምጥቃስ ይከኣል። እቶም ጨወይታ ኤርትራውያን ኣብቲ እዋን'ቲ ንጋዜጠኛታት ዝሃብዎ መግለጺ ከምዚ zስዕብ ይብል፦

> *“ናይዚ ዝፈጸምናዮ ስርሒት ቀዳማይ ዕላማ፡ ቃልሲ ኤርትራውያን ኣንጻር መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣቓልቦ ዓለም ከምዝስሕብ ምግባር እዩ። ብተወሳኺ ቅልጡፍ ግብሪ መልሲ ናይቲ ኣብዚ ቀረባ እዋን ወተሃደራት ኢትዮጵያ ኣብ ሓደ መዓልቲ 800 ሰላማውያን ኤርትራውያን ዝቐተልሉ ጨካን ተግባር እዩ። . . . ንሕና ቀተልቲ ኣይኮናን፡ ተቓለስቲ ኢና። ንሕና ኣብ ሓርነታዊ ግንባር ኤርትራ ወግዓውያን ኣባላት ኣይኮንናን። ይኹን'ምበር ኣንጻር ዝኾነ ጭቆናን በደልን ኢና። ሓቂ'ዩ ጭውያ ቅቡል ኣይኮነን። እንተኾነ ዘይቅቡል ተግባራት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ጸገምና ንዓለም ከነፍልጥዎ ዝሕግዝ ዝኾነ ነገር ክንገብር መሰል ይህበና እዩ”*

ገለ ኣብ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝሰርሑ ዝነበሩ ኤርትራውያን ሰበስልጣን እውን እንተኾነ፡ ነቲ ኣብዚ መድረኽ'ዚ ዝተፈጸመ ግፍዒታት ብምቅዋም ናብ ሃጸይ

ሃይለስላሰ ጥርዓን ኣቕሪቦም ምንባሮም ይፍለጥ። እንተኾነ ጥርዓኖም ከም ወትሩ ብንጉስ ሃይለስላሰ ግዲ ኣይተገብረሉን። እቲ ናይ ራዕዲን ሽበራን ቅትለትን ዝምታን ወፍሪ ደይ መደይ ኢልካ ይፍጸም ስለዝነበረ።

## ሳልሳይ መድረኽ 1974-1978

ካብ 1970 ክሳብ 1974 ዝነበረ መድረኽ፡ ካብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (ተ.ሓ.ኤ.) ዝተፈልዩ ሰለስተ ወገናት ሃገራውያን ተቓለስቲ፡ (1ይ ወገን ህ.ሓ.፡ 2ይ ወገን ህ.ሓ.ን ዑብልን) "ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ" ዝተሰምየ ንቃልሲ ኣንጻር መግዛእቲ ብብቕዓት ክመርሕ ዝኽእል ውድብ ንምቛም፡ ኣብ ውሽጦም ነዊሕን ዓቃልን ቃልሲ ዘካየድሉ እዋን ነበረ።

መስርሕ ስምረት ሰለስተ ወገናት ህዝባዊ ሓይልታት ብኣዝዩ ኣሸጋሪ መድረኽ፡ ኣብ ትሕቲ ቀጻሊ መጥቃዕቲታት ተ.ሓ.ኤ.ን መንግስቲ ኢትዮጵያን እዩ ተፈጺሙ። እዚ መድረኽ'ዚ፡ ተ.ሓ.ኤ.፡ ነቶም ካብኣ ዝተፈልዩ ተጋደልቲ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ንምድምሳስ ኣበርቲዓ ዝተንቀሳቐሰትሉ ናይ ኲናት ሓድሕድ እዋን ነበረ። መንግስቲ ኢትዮጵያ ድማ፡ በቲ ኣብ መንጎ ሓይልታት ሰውራ ዝካየድ ዝነበረ ኲናት ሓድሕድ ብመጠኑ ተስፋ ሰኒቑ፡ ምድኻም ናይ ክልቲኦም ወገናት ይጽበ ነበረ። እቲ ሃገራዊ ቃልሲ ቅኑዕ መኣዝን ንምትሓዝ ካብ ውሽጢ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተወልደ ህዝባዊ ሓይልታት ግን፡ ብመጥቃዕቲታት ተ.ሓ.ኤ. ክድምሰስ ኣይከኣለን ጥራይ ዘይኮነ፡ ምምስራት ናይዚ ውድብ'ዚ ኣብ መንእሰያት ኤርትራ ዓቢ ናይ ዓወት ተስፋ ስለዘሕደረ፡ ብዙሓት ተሰለፍቲ ረኺቡ፡ እናዓኾኾ ብምኻድ ካብቲ ንምድምሳሱ ዝዓለም ውግእ ዝያዳ ሓዩሉ ወጸ።

ህዝባዊ ሓይልታት ንቐንጻሊ ፈተነታት ተ.ሓ.ኤ. ፈንጢሱ ድሕሪ ምውጽኡ፡ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ከም ዝዓበየ ስግኣት ተጠመተ። በዚ ድማ፡ ነዚ ንእሽቶን ብርቱዕን ሃገራዊ ሓይሊ ከሎ ገና ንምቅባጽ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ በቲ መድረኽ'ቲ ዓቢ ክበሃል ዝከኣል ሓይሊ ናብ ሳሕል ኣውፈረ። ህዝባዊ ሓይልታት ነቲ ዝወፈረ ሓይሊ ጸላኢ፡ ካብ ዓላኬብ ክሳብ ኣልጌን ኣብ ዝዝርጋሕ ሰንሰለታዊ ጎቦታት ን16 መዓልታት (ካብ 16 ታሕሳስ 1973 — 1 ጥሪ 1974) ገጢሙ ዘፍ ኣበሎ።

ኣብዚ ውግእ'ዚ ጸላኢ ካብ 400 ንላዕሊ ምውታትን ቁሱላትን ከሲሩ ናብ ኣስመራ ክምለስ ተገደደ። በዚ ስዕረት'ዚ ዘንጸርጸረ ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ናብ ኣስመራ ምስ ተመልሰ፡ "ደሞዝ ይወሰኸና፡ ኩናት ክሳብ መዓስ? ሰለምንታይ ሬሳ ሓለፍቲ ጥራይ ብግቡእ ንኽቕበር ናብ ከተማ ይመጽእ? ናትና'ኸ?" ዝብል ሕቶታት ኣልዒሉ ኣንጻር ስርዓት ሃይለስላሰ ተቓውሞ ኣልዕለ። ነዚ እንጽርጽሮትን ኣድማን ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ሰራዊት፡ ናይ ህዝቢ ኣድማታትን ናዕቢታትን ተወሲኽዎ፡ ፖለቲካዊ ቅልውላው ኢትዮጵያ ጥርዙ በጺሑ ስርዓት ሃይለስላሰ ኣብ መስከረም 1974 ካብ ስልጣኑ ተኣልየ። እዚ ኩነታት'ዚ ድማ ሰውራ ኤርትራ ኣበርቲዑ ንቕድሚት ክስጉም ዕድል ሃቦ።




መፋርቕ 1970ታት - ዋሕዚ መንእሰያት ናብ ህዝባዊ ሓይልታት

ህዝባዊ ሓይልታት ድሕሪ'ቲ ኣብ ሳሕል ኣንጻር ጸላኢ ዘካየዶ ዕውት ግጥም፡ ንዝሰፍሐ ህዝቢ ኣብ ጎድኑ ከሰልፍን ኣብ ልዕሊ ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ መጥቃዕቲታት ንምፍጻምን፡ ሓይልታቱ ናብ ከበሳ ኣንቀሳቐሰ። "ሻዕብያ ጠፊኣ እያ" ዝብል ዝነበረ መሪሕነት ተሓኤ ምንቅስቓስ ህዝባዊ ሓይልታት ናብ ከበሳ ስለዘሰንበዶ፡ ግስጋሰ ህዝባዊ ሓይልታት ንምዕጋት ኣብ መገዲ ብዙሕ ናይ ምዕጋት ፈተነታት እኳ እንተካየደ ክሰልጦ ኣይከኣለን። ህዝባዊ ሓይልታት ንኹሉ ዘጋጠሞ መኻልፋት ተ.ሓ.ኤ.ን ወፍሪ ሃድን ሰራዊት ኢትዮጵያን ጥሓሒሱ፡ ዝባን ካርነሽም ተቐልቀለ። እቲ ኣብ ርሑቕ ቦታ፡ ኣብ ጎቦታትን ስንጭሮታትን ሳሕል ዝካየድ

ዝነበረ፡ ህዝቢ ብወረ ጥራይ ዝሰምዖ ዝነበረ ውግእ ምስ ሰራዊት ኢትዮጵያን ኲናት ሓድሕድን ከኣ ናብ ከባቢ ኣስመራ ቀረበ።

ካብ ሳሕል ዝጀመረ ተጻብኦ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ህዝባዊ ሓይልታት ኣብ ከበሳ እውን ቀጸለ። ኣብ ከባቢ ወኪ ዛግር ድማ ብርቱዕ ኲናት ሓድሕድ ተወልዐ። ነዝ ኣብ ዝባን ከበሳ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ውድባት ዝተወልዐ ብርቱዕ ውግእ፡ ነዊሕ ከይቀጸለ ህዝቢ ኣብ መንጎ ኣትዩ ደው ኣበሎ።

ኣብዚ ዝተጠቕሰ መድረኽ፡ ንስርዓት ሃይለስላሰ ዝተክአ ወተሃደራዊ ጉጅለ ደርግ፡ ኣብ ዘይርጉእ ኩነታት ነበረ። ወተሃደራዊ፡ ስለያዊን ጸጥታዊን ዓቕሚ መንግስቲ ኢትዮጵያ ድማ ብኡ መጠን ኣዝዩ ተዳኺሙ ነበረ። እዚ ኩነታት'ዚ ንክልቲኣን ውድባት ሰውራ ኤርትራ፡ በብሸነኸን ኣንጻር ጸላኢ መጥቃዕቲታተን ከምኡ'ውን ናይ ከተማ ስርሒታተን ከበራትዓ ዕድል ፈጢሩለን ነበረ።